Tigrinya | ትግርኛ

# ቀዳምነት ናይ ዝወሃቦ ቐንዲ ኽንክን ማእከላት

## ብህጹጽ ናብ ሓኪም ክትከይድ የድልየካ ድዩ?

እቲ ቐዳምነት ናይ ዝወሃቦ ቐንዲ ኽንክን ማእከላት (PPCCs/ፒፒሲሲ) ህጹጽ ጉድኣት ወይ ሕማም ንዘለዎ ዝኾነ ይኹን ሰብ ብናጻ ይሕክም እዩ።

ናይ ፒፒሲሲ ሓካይም ካብቲ ክፍሊ ህጹጽ ኩነታት ሆስፒታል ብዝሓሸ መገዲ ዘድልየካ ሕክምና ቐልጢፍካ ንኽትረክብ ክሕግዙኻ እዮም።

ከም ፈኩስ ረኽሲ፣ ኣናእሽቱ ምንዳድ፣ ዝተሃሰየ ወይ ዝተሰብረ ኣዕጽምቲ ዝኣመሰለ ኹነታት ክሕክሙ ይኽእሉ እዮም። ፒፒሲሲ ዝህቦ ኣገልግሎት ፓቶሎጂ፣ ራድዮሎጂን ፋርማሲን ዘጠቓልል እዩ።

**ከቢድ ጉድኣት ወይ ሕማም እንተ ሃልዩካ ናብ ሰለሰተ ዜሮ (000) ደውል። ህጹጽ ኽንክን ዘየድልየካ እንተ ኾይኑ ምስ ሰሩዕ ሓኪምካ ቈጸራ ግበር።**

ፒፒሲሲ ዝህቦ ኣገልግሎት ናይ ሜዲኬር ካርድ ንዘለዎን ንዘይብሎን ንኹሉ ሰብ ብናጻ እዩ ዝወሃብ።

ኣስተርጐምቲ ኣብ እቲ ፒፒሲሲታት ኣለዉ። ብ131 450 ናብ ናይ ምትርጓምን ምስትርጓምን ኣገልግሎት ቲስ ናሽናል ደውል።

**ኣበይ ከም ዝርከብ ንምፍላጥን ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብን ናብ ዝሓሸ መትረብ ጥዕና (Better Health Channel) ብጻሕ፦**
**[betterhealth.vic.gov.au/priority-primary-care-centres](betterhealth.vic.gov.au/priority-primary-care-centres)**

TIS TRANSLATING AND INTERPRETING SERVICE

phn VICTORIAN-TASMANIAN ALLIANCE
An Australian Government Initiative

VICTORIA State Government